# ቃል ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ)
## ብምኽንያት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ባሕቲ መስከረም

ኣቐዲመ ብስመይን ብስም መላእ ኣባላት ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ)፡ ንኹለ ህዝብና እንቋዕ ናብ'ዛ ታሪኻዊት መዓልቲ - ባሕቲ መስከረም 2021፡ ኣብጻሓካ ክብል ዓቢ ፍናን ይስምዓኒ። ብምቕጻል ነዚ ናይ'ዚ ዕለት'ዚ መደብ ዘዳሎኹምን/ዘዳለኽንን፡ ኣባላት ኣዋሃሃዲ ሽማግለ ፖሓኤ ልዑል ምስጋና ከቕርብ ከለኹ ደስ እንዳበለኒ እዩ። ኣስዒብ ንኣቦ-መንበራት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትር ነዚ ሃገራዊ ሓባራዊ ዕማም ንምዕዋት እትገብርዎ ዘሎኹም ዘይሕለል ጻዕሪ ክብርን ሞገስን ይብጻሕኩም ክብል እፈቱ። ኩላትና ብሓባርን ብቕንዕናን፡ ነዚ ሓያልን፡ኣድላይን ስራሕ ከነዐውቶ ሃገራዊ ግዴታ ኣሎና።

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጥን ወጻን እትርከብ ህዝቢ ኤርትራ!

ህዝቢ ኤርትራ መግዛእቲ ጥልያን፣ ቀጺሉ ብግዝያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ፣ ድሒሩ ነውሕን ዝተሓላለኽን ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣካይዱ ኣብ ዘይተመጣጠነ ፈደራላዊ ውዑል ምስ ንጉሳዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ከም ዝቋረን ኲይኑ። ንሱ ከይኣክል ንጉሳዊ ስርዓት ነቲ ብውሕስነት ሕቡራት ሃገራት ዝተበጽሐ ውዑል ጥሒሱ በይናዊ ውሳኔ ብምውሳን ንኤርትራ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ፍጹም መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከም ትኣቱ ገበረ። ህዝብና ነዚ ናይ መግበጥቲ መስርሕ ተዓዚቡ ናይ ሰላማዊ መስርሕ ቃልሲ ኣካየደ። ይኹን እምበር ንጉሳዊ ስርዓት ኣዝዩ ጨካን ዝኾነ ዓመጻት ስለ ዝቐጸለ ነዚ ንምግጣም ዕጥቃዊ ቃልሲ ከም ዘድሊ ንኹሉ ብሩህ ኰነ።

ሓደ መስከረም 1961 እምበኣር፣ ጅግና መራሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኾነ፣ ክቡር ተጋዳላይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ካልኦት ጀጋኑን ተቓለስታን፣ ቀዳመይቲ ጥይት ኣብ ጎቦ-ኣዳል ዝተኰሱላ ታሪኻዊት ዕለት ኰነት። ቀጺሉ መሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእነት ዘሰነዮ ናይ 30 ዓመታት ዝተናውሓ ቃልሲ ሰውራ ኤርታራ፡ ኣርዑት ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ሲዒሩ፣ ሃገርና ኤርትራ ኣካል ሕቡራት ሃገራት ዓለም ኮይና፣ ከም ኣካል ማሕበረ-ሰብ ዓለም መጠን ባንዴራኣ ከተንበልብል በቒዓ ኣላ። ይኹን'ምበር ቅዋም ተተኺሉ እቲ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ወዘተ ክኸይድ ትጽቢ ዝግበረሉ ዝነበረ ናይ ምዕባለ መስርሕ ብሰንኪ ህግደፋዊ ፍጹም ምልኪ ተኾልፈን ሃገር ዳግም ኣብ ኣዝዩ ዝጸልመተ ደረጃ ክትበጽሕ ከላ፣ ብዓቢኡ ከኣ ህላዌ ልዑላውነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ዝርከበሉ ዘሎ መድረኽ ኢና በጺሕና ዘለና።

ዝኸበርካ ህዝብና!

ዝተባህለ ናይ ሃገር ምሕራር ጉዕዞ ብሂወትን ጉልበትን ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ስድራን፣ መላእ ኤርትራዊ ሕበረተ-ሰብናን ከም ዝተረጋገጸ፣ ንስኻ ሓባሪ ዘይትደልየሉን ከም ኣጻብዕ ኢድካ እትፈልጦን ሓቂ'ዩ። የግዳስ እቶም ነዚ ክዉን ዝገበሩ ተጋደልቲ ደቅኻ፣ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም - ኮታ ብመደብ - ብህግደፋዊ ምልኪ ሓደ ድሕሪ ካልእ ኣደዳ ሕሱም ማእሰርትን ስደትን ኮይኖም ኣለዉ። ከም ውጽኢቱ ሎሚ፣ ኢሰያስን ምልካዊ ስርዓቱን ሃገር ከም ውልቀ ንብረት ተቆጺራ፣ ናብ ውግእ ክሽማ ይኹን ንኽራይ ከውርዳ ዓለም ብዓለማ ትዕዘቦ ዘላ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። 04 ነሓሰ 2020 ስርዓት ኢሳያይስ ኣብ ዘይምልከቶ ውእግ ንሃገር ኣትትዩ፡ ብዙሕ ግፍዒ ኣብ ንዕሊ ንጹሃት ህዝቢ ትግራይ ገበን ፈጺሙ። ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ጃንዳ ህግደፍ ኣብ ኣሰካፊ ጵልኢ ምስ ጉረበትና ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ኣእትዩዎ ይርከብ። ህግደፍ እዚ ንድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዘየርውን ዘይድልየቱን ወራርን በደልን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ምውራዱ ብዝኸበደ ቃላት ንኹንኖ።

**ታሪኽ ከም ዝምስክሮ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ’ውን ታሪኽ ጀጋኑ ደቁን ናይ ባዕሉ ታሪኽን ኣይክጠልምን’ዩ። ሃገሩ ካብ ሓደጋ ከድሕን፣ ሓንቲ ብሕግን ብቕዋምን እትመሓደር ዲሞክራያስያዊትን ፍትሓዊትን ዝኾነት ኤርትራ ክሃንጽ’ዩ። ምእንት’ዚ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዲያስፖራን ዘሎ ደላይ ፍትሒ ተቓላሳይ እጃሙ ከበርክት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሉ መድርኽ ይሓትት ኣሎ። ነቲ ዝጽበየና ዘሎ ከቢድ ዕማም ንምዕዋት፡ ማለት ህዝብና ሃገርን ንምድሓን፥ ኩሉ ተቓላሳይ ኤርትራዊ፣ ዝሃለወ ይሃልዎ ኣፈላላይ ወጊዱ፡ ብሓባር ክቃለስ መድረኻዊ ሕቶ ኰይኑ’ሎ። ነዚ መድረኽ ዘሰከመና ናይ ቃልሲ ሓላፍነት ንዕኡ ብዝምጥን ውጽኢት መታን ክንምህዝ ከኣ፣ ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ) ብሓደን ሓድነትን ክንቃለስ በዚ ኣጋጣሚ የዘኻኽር። ነዚ ኣጋጣሚ’ዚ ተጠቒሙ እምኣር እወ፣ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ክፈታሕ ምኽኑ ዘየጣራጥር’ኳ እንተኾነ፣ ንዘሎና ሃገራዊ ሽግር ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ብውሑድ ክሳራን ንምብዳህ፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእትን እትርከቡ መንእሰያት ኤርትራ፣ ዝያዳ ልዑል ተራ ብምውሳድ ቀንዲ ተዋሳእቲ ኣብ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክትኮኑ ይግባእ፣**

**ኣብ መወዳእታ፣ ከነማሕጽኖን ክንብሎን ዝደሊ ጉዳይ፡ ሽግር ህዝባናን ሃገርናን፣ ዋላውን ከም ኣድላይነቱ ካብ ፈተውትና ሓገዝ ምሕታት ናትና መሰል ምኻኑ እናኣመና፥ ግና ባዕልና ክንፈትሖ እኹል ዓቕምን ተመኩሮን ኣሎና። እሞ፣ ሃየ ሓድነትና ጥራሕ ነደልድል!!**

**ሓደ መስከረም ንዘላኣለም ትንበር!**

ክብርና ክምኣስ፡ ብሓባር ንቓልሰ!

**የቀንየለይ!**

**4 መስከረም 2021**